# ልምምድ ስራሕ ኣብ ምሕደራ ከተማ

ዝምስጥ ልምምድ ስራሕ'ዶ ትደልዩ ኣለኹም ኢኹም፧ ኣባና ሞያዊ ተመክሮ ክእክቡ ንዝደልዩ ሰባት ብዙሓት ነጻ ዝኾኑ ናይ ስራሕ ቦታታት ኣለዉና።

ኵሎም እቶም ልምምድ ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ሞያዊ ትምህርቲ፡ ምቅይያር ትምህርቲ ወይ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ዝገብሩ ኣባና ከመልክቱ ይኽእሉ እዮም። እዚ ጉዳይ'ዚ ነቶም ተኻፈልቲ ናይ ቋንቋ ኮርሳት'ውን ይምልከት'ዩ። ብተወሳኺ እውን ንሞያዊ ልምምድ ስራሕ፡ምቅርራብ ንምምህርና፡ ቅድመ ልምምድ ወይ ወለንታዊ ትዕዝብቲ ልምምድ ንምፍጻም ኣባና ከተምልክቱ ትኽእሉ።

ኵሎም ኣመልከትቲ ብማዕርነት ይተሓዙ። ናይ ወጻኢ ፓስፖርቲ ዘለዎም ሰባት እውን ንልምምድ ከመልክቱ ይኽእሉ'ዮም።ኣብቲ ምልክትኦም ብወለንትኦም ድሕረ ባይታ ናይ ወጻኢ ከምዘለዎም ክሕብሩ ይኽእሉ። ድሕረ ባይታ ወጻኢ ክብሃል ዝኽእል እንተድኣ ባዕልኻ ወይ ሓደ ክፋል ወላዲኻ ብዘይ ናይ ጀርመን ዜግነት ተወሊዱ'ዩ።
ምልክታ፣ ምዕዳል ቦታ ልምምድ ክማላእ ዝኽእል በብኹነታቱ እንተ'ድኣ ምሉእነት ናይ ምልክታ ሃልዩ ጥራይ'ዩ።

ምልክታኹም

ንምልክታኹም ብዝምልከት ብኽብረትኩም እዞም ዝስዕቡ ሰነዳት ልኣኹልና፡
- ናይ ምልክታ መሰነይታ ደብዳበ ምስ ነብስኻ ዘላሊ
- ናትኩም ታሪኽ ሂወት ብተርታዊ ታቤላ
- ቅዳሕ ናይ ባጅላታት እንተ'ድኣ ሃልይኩም
- ብይናትን ምስክር ወረቐታትን እንተድኣ ሃልይኩም
- ምስክርነት፡ እንተ'ድኣ ጉዳይ ግዳዊ ልምምድ ኰይኑ ወይ ምስክር ምዝገባ ላዕለዋይ ቤት ትምህርቲ ዝእዝዞ ንተመሃሮ ኰይኑ

ኣብ ምልክታኹም ብኽብረትኩም ከምዚ ዝስዕብ ጽሓፉ፡
- መዓስ ልምምድ ክትገብሩ ከምትደልዩ
- ኣብቲ ልምምድ እንታይ ክትመሃሩ ከምትደልዩ ከምኡ'ውን
- ኣበየናይ ቤት ጽሕፈት ወይ ድርጅት ክትሰርሑ ከምትደልዩ

ሓፈሻዊ ሓበሬታ ናይ ቤት ጽሕፈታትን ምሕደራታትን ከተማ ኣብዚ ዝስዕብ ርክብ ኢንተርነት ክትረኽብዎ ትኽእሉ www.dresden.de/aemter.

ከከም ኣድላይነቱ ምልክታኹም ብኦንላይን ናብቶም ዝምልከቶም ቤት ጽሕፈታትን ምሕደራታትን ወይ'ክኣ ብቐጥታ ብኢመይል ናብ praktikum@dresden.de ክትሰድዎ ትኽእሉ። ቀጻሊ ሓበሬታታት እውን ኣብዚ ክትረኽቡ ትኽእሉ www.dresden.de/praktikum.

ምልክታኹም ክመጸና ደስ እንዳበለና እዩ!

**ኢምፕረሱም**

ሓታሚት:
ርእሲ ከተማ ድረስደን

Haupt- und Personalamt
ተለፎን (03 51) 4 88 61 75
ኢመይል praktikum@dresden.de

ቤት ጽሕፈት ፕረስን ማሕበራዊ ዕዮን ፕሮቶኮልን
ተለፎን (03 51) 4 88 23 90
ተለፋክስ (03 51) 4 88 22 38
ኢመይል presse@dresden.de

Postfach 12 00 20
01001 Dresden
www.dresden.de
www.facebook.com/stadt.dresden

ማእከላይ ምሕደራዊ ቁጽሪ ተለፎን 115 – ሕቶታት ንፈቱ ኢና!

ኣብ ጥቅምቲ 2023 ዝተተርጎመ

ብቑዓት ኤለክትሮኒካውያን ዶኩሜንትታት ምስ ክታሞም ፎርም ብምምላእ ክርከቡ ይኽእሉ እዮም። ካብኡ ሓሊፉ ብ ኤስ ሚመ ሰርቲፊኬት ዝተመስጠረ ኢመይል ወይድማ ብደኤ መይል አቢልካ ውሑስ ብዝኾነ መንገዲ ናብታ አውራጃዊት ርእሲ ከተማ ድረስደን ክልአኽ ይኽእል። ተወሳኺ ሓበሬታታት እንሆ፤ www.dresden.de/kontakt
እዚ ናይ ናውቲ ሓበሬታ ክፋል ናይ ህዝባዊ ዕዮ አውራጃዊት ርእሲ ከተማ ድረስደን እዩ። ንምርጫዊ ረክላም ክትጥቀመሉ ክልኩል እዩ። ንምንንቕቓሕ አባላተን ፓርትታት ክጥቀማሉ ግና ይኽእላ እየን።